*ኣብ ሕሉፍ መድረኽ*
*እንታይ ተባሂሉ!!*
*ቃሉኽ ሰሚሩዶ?*

# *ሃገራዊ ዋዕላ*
# *ንስኒትን ድሕነትን ሃገር !!!*

*ብገዛኢ ኪዳነ*

ኣብ ትሕቲ ጽላል ዳዕሮ ልሙዕ ጨናፍሩ
ኣብ እግሪ ዓርኮብኮባይ ነዊሕ ሰራውሩ
ብመራሕቲ ሃይማኖት ብጸሎት ጀሚሩ
ብምርቓ ዓበይቲ ዋዕላና ገሪሙ ዓሚሩ
ይርሓሰና ሰላም! ቢልና ክነብር ንሓዋሩ

ሃገራዊ ዋዕላ ውሕስነት
ልዑላውነትና ኢዩ ቀንዲ ቁምነገሩ!!!

በርገሳውያን ማሕበራት ሃየ ተላዓላ
ኩልኽን ውድባት ናብ ስኒት ንቐላ
ደቂ ኣንስትዮ ጉቡእክንዩ ወክላ
ብሄረ ሰባትና ብሓባር ክውዕላ
ንኹሉ እትሓቁፍ ፌሊያ ዘይብላ
መሰረት ስኒት ኢያ ሃገራዊ ዋዕላ !!!

ሊቃውንቲ ሃገረይ ኣቱም ሰብ ሞያ
ነባራት ተጋደልቲ ሰራሕቲ ቅያ
ዲሞክራሲ ከነውሕስ እታ ንምነያ
ሃየ ሕጂ ንቀላጠፍ ንወስኽሉ ጉያ።

ተንኮል ከየማሰና ሃገርና ኤርትራ
መንእሰያት ሃገር ተረከብቲ ሓደራ
እወ ደጊም ክውዳእ ሃገርና ሽግራ
ነዛ ጸልማት ዘመን ብስኒት ክንሰግራ
ሃገራዊ ዋዕላ ኢያ ናይ ሰላም ምስጢራ።

ሃገራዊ ዋዕላ ውሕስነት ሃገር ኢያ !!!!
ሃገራዊ ዋዕላ ውሕስነት ሰላም ኢያ !!!!
ሃገራዊ ዋዕላ ዋሕስ ድሕነትና ኢያ !!!!
ሃገራዊ ዋዕላ ወሳኒት ሓድነትና ኢያ!!!